# ናይ ሓሶት ጉልባቡ ቀሊዑ ዝሃለለ ፕሮፓጋንዳ

ዮሓንስ ዘርኣይ

መጠኑን ዝርጋሑኡን ደኣ ይፈላለ’ምበር ኣብ ዳርጋ ኩሎም ዝኸሰቱ ውግኣት፣ ሰላማውያን ሰባት ምቕታልን ምብስባስን ምዝንባልን፡ ደቀንስትዮ ምድፋር፡ ንብረት ምዝራፍ፡ ሲቪላዊ (ዘይወተሃደራዊ) ዒላማታት ምዕናው፥ ወዘተ... ዘጠቓልሉ ገበናት ኲናትን ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ከምዝፍጸሙ መዛግብቲ ታሪኽ ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሸውዓተ ኣዋርሕ ኣብ ትግራይ ክካየድ ኣብ ዝጸንሐ ኲናት’ውን፡ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ኣብዪ ኣሕመድን ዘዋፈርዎም ወረርቲ ሰራዊታት ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ትግራይ ከበድቲ ገበናት ይፍጸሙ ከምዝለዉ ክግለጽ ጸኒሑ እዩ።

ነዚ ብዝምልከት፣ ተሳተፍቲ ኲናት ክዝርግሕዎ ዝጸንሑ ጸብጻባትን ዜናታትን፡ ናይ ገዛእ-ርእሶም ስራሕን ኩነታትን ኣጸባቢቖም ናይ ተጸባእቶም ዘካፍኡ፣ ኣጋንኖን ሓሶትን ዝዓብለሎም ምዃኖም ኩሉ ዝግንዘቦ እዩ። ብዛዕባ’ቲ ውግእ መግለጺ ክህቡን ክማጐቱን ዝስምዑ ልሂቃን’ውን መብዛሕትኦም ንሓቂ ዝቖሙ ዘይኰኑስ፣ ብዝድግፍዎ ተሳታፊ ሓይሊ ንዝንዛሕ ናይ ፈጠራ ወረታት፡ ብናይ ባዕሎም ምግናን ኣራጒዶም ናብ ማሕበረ-ሰብ ዘባናን ዓለምን ዝብትኑ “መሰጋገርቲ ሓሶት” እዮም። ዝያዳ ዘሕዝን ግን፣ ኣህጉራውያን ማዕከናት-ዜናን ጋዜጣታትን (ማለት ሚድያ) ከምኡ’ውን ገለ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ንሓቂ ጒስዮም ዘዝተዋህቦም ዘስካሕክሕን ዘስገድግድን ወረታት ኣብ ምዝርጋሕ (sensationalism) ምስላፎም እዩ። ምስ ህወሓትን ደገፍቶምን ናይ ረብሓን ምሕዝነትን ምትእስሳር ዘለዎም ጋዜጠኛታቶምን ወኪላቶምን፣ ብማዕዶን ብዘይ ብቑዕ ምስክርነትን ኣለይቶም ዘዘቕረቡሎም ጸብጻባት ከም ሓቀኛ ዜና ብምፍናዎም ሸቃጦ ናይቲ ዓሜቱ ዘሎ “ዕዳጋ ሓሶትን ምድንጋርን” ኰይኖም ጸኒሖም።

ውዒሉ ሓዲሩ፣ ህዝቢ ትግራይ ፍትሒ ዝረክብ ግን ናይ ምድንጋር ሸቃጦ ብዘሳውርዎ ሓሶታት ዘይኰነስ፡ ብማሕበረ-ሰብ ዓለም ዝተማዘዘ ናጻን ዘይሻራዊን ኣካል ኣብ ትግራይ ኣትዩ ብዘካይዶ ምርመራን ብዝበጽሖ መደምደምታን መሰረት ዝልለዩ፡ ገበነኛታት ናብ ፍርዲ ምስ ዝቐርቡ እዩ። እቲ መስርሕ ሓቀኛን ሚዛናዊን ንኪኸውን ግን፡ ኩሎም ተሳተፍቲ ኲናት ፈጺሞሞም ዝበሃሉ ገበናት ዘጻሪ ክኸውን ይግባእ።

## ሓሶትን ጸለማን ከምኣጽዋር ኲናት

ንዝሓለፉ ኣስታት ሸውዓተ ኣዋርሕ፣ ህወሓት (ወያነ) ዝተራቐቑ ሜላታት ሓሶትን

ምትላልን እናተጠቕሙ ናይ ተጻባእቶም ሓይልታት ኣዘዝቲ ጥራይ ዘይኮኑስ፡ ወተሃደራቶምውን ሰብኣዊነት ዘይብሎም፡ እንስሳዊ ባህሪ ዝውንኑ፡ ፍጹም ኣረሜናውያን ኣምሲሎምእናቐብኡ፤ ንገዛእ-ርእሶምከኣ፡ ምእንቲ ክብርን ማሕልን ናጽነትን ህዝቢ በጃ ዝሓልፉ ሰማእታት ገሮምከቕርቡጸኒሖም።

ህዝቢ ትግራይ ዝወርዶ ዘሎ ዝተረጋገጸ ግፍዕታት ውሒድዎስ፣ ወያኔ ሓንጎሎም ዘዝማሃዞ ኣስካሕካሒ ናይ ፈጠራ ተግባራት ኣብ ህዝቢ ተፈጺሞም ዝብል ወረታት ብምዝርጋሕ ግዳማዊ ድጋፍ ንክረኽቡ ክጽዕቱ ጸኒሖም። ወረርቲ ሓይልታት ክጻወቱን ከላግጹን ዝወፈሩ ክማስል ህወሓት ከይሓነኾ፤ (ሀ) ገለ ወተሃደራት ጸላኢ “ኣብ ብልዕቲ ዝደፈርወን ደቀንስትዮ ብጩቕኔ ምስማር፡ እምኒን ሶፍቲን ኣእትዮም”፤ (ለ) ካልኦት ከኣ ኣብ ገምገም ጸድፊ ኰይኖም ንዝረሸንዎም ሰላማውያን መንእሰያት ትግራይ፡ ናብቲ ገደል ደርብዮሞም ዝብሉ ወረታት ዘርጊሖም። እቲ ዝገርም፡ እዞም ተግባራት ተፈጺሞም ዝተባህለሉ እዋን ህወሓት፤ “ኣብ ምህዳም ዝርከቡ ወረርቲ ሰራዊት፡ ኣብ ዘዝኣተውዎ ኣቲና ንድምስሶም ኣሎና።” ዝብል መግለጺ ይህቡ ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ ምዃኑ እዩ!

ህወሓት ነዞም ብሓሶት ዝኸሱሎም ግፍዕታት፡ ብወተሃደራት ጸላኢ ከምዝተፈጸሙ ኣምሲሎም ዘርእዩ፡ በቲ ልሙድ ናይ ምትላል ሜላኦም ዝተዳለዉ ድራማታት ብቪድዮ ቀሪጾም ኣብ ዓለም ዘርጊሖሞ። ነቲ ቀዳማይ ክሲ፣ ባዕላቶም ዝፈብረኽዎ ናይ “ተፈጺሙ” ጽውጽዋይ ንኸትደግም ዝዓለመቶ ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ፡ ተዳናጋጺቶም ንዝኾነት ናይ ወጻኢ ጋዜጠኛ ቃላ ከምእትህብ ገሮም። “ምርሻን መንእሰያት ዝምስክር” ተባሂሉ ብኣህጉራዊ ሜድያ ዝተቓለሔ ቪድዮ ከኣ፣ ወያኔ ወተሃደራዊ ኣልባሳት ጸላኢ ከዲኖም ዘዋደድዎም ተዋሳእቲ ነቲ “ድራማ” ክሰርሕዎ ከለዉ፡ ባዕላቶምዝቐረጽዎ ምዃኑ ድሮ ሓደ ናይ ረድኤት ትካል ኣቃሊዑ ኣሎ። ገበናት ኩናት ብናጻ ኣካል ኣብ ዝጻረዩሉ ግዜ’ምበኣር፣ እቶም ኣብቲ ቪድዮ ክርሸኑ ዝረኣዩ መንእሰያት ትግራዎት ዘይኮኑስ፡ ምሩኻት ወተሃደራት ወይ ስደተኛታት ኤርትራ ኰይኖምእንተተረኽቡ ንዝኾነ ሰብ ከገርሞኣይግባእን።

## ብገዛእ ሓሶቱ ዚታለል ጉጅለ

ኣብ ዝሓለፉ ሸውዓተ ኣዋርሕ፣ ህወሓትን (ደገፍቶም ልሂቃን ትግራይን) ናብ ማሕበረ-ሰብ ዓለምዝበተንዎምናይ ሓሶት መግለጺታት፡ ፈለማ ብዙሓት ተደናገጽቲ ኣፍርዮምኖም እዮም። ምስ ግዜ ግን፣ ዘይሻራውያን ኣህጉራውያን ጋዜጠኛታትን ወከልቲ ትካላት ረድኤትን፡ ብህወሓት ንዝፍነው ጸብጻባት ብትኹረት ተኸታቲሎም ከጻርዩ ጀሚሮም። ካልኦት ከኣ፣ ርጡብ ሓበሬታ ብምእካብ ኣብ ትግራይ ዘሎ ሓቀኛ

ኲነታት ኣብ ምቅላሕ ኣትዮም። ናይዞም ዘይሻራውያን ኣካላት ምክትታል ዘግሃዶ ሓቂ ከኣ፣ ወያኔ ክዝርግሕዎም ዝጸንሑ ጸብጻባት ብሓሶትን ምግናንን ዝተዓብለሉ ምዃኖምእዩ።

ይኹን'ምበር፣ ብኸምዚ ኣገባብ ድሕሪ ምቅላዖምውን፣ ወያኔን ልሂቃን ደገፍቶምን ሓሶቶም ክገትኡ ኣይተራእዩን። እኳ ደኣ ብኣንጻሩ፡ ሓድሽ ናይ ፈጠራ ሜላ ብምትእትታው ናይ ሓሶት ዘሙኦም ናብ ዝለዓለ ደረጃ ኣዕሪጎሞ። ብዕለት 15 ሚያዝያ 2021 ዓ.ም. ኣፈኛታት ህወሓት፤ "ካብ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ኤርትራ ናብ ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ኣዘዝቲ ሰራዊት ኤርትራ ዝተላእከ ገምጋምን መምርሒን ትእዛዝን ዝሓዘ 27-ገጽ ምስጢራዊ ሰነድ" ኣብ ኢድና ኣትዩ ኣሎ ብምባል፡ ትሕዝቶኡ ናይ ዝበልዎ ንባብ ኣብ ቻነላቶምኣስሚዖም። እዚ ትሕዝቶ'ዚ ማሰረት ዘይብሉ ወዱእ ፈጠራ ምዃኑ ዘረጋግጹ ብዙሓት ጭብጥታት ምቕራብ ከምዝከኣል ዝኹን ምስትውዓልን ሕልናን ዘለዎ ሰብ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ሓደ-ክልተ ካብኦ ምንምጥቃስ:-

1. ኣብ ዓውደ-ኲናት ንሰራዊት ዝመርሑ ኣዘዝቲ፡ ዝተዋህቦም ትእዛዝን መምርሒን ተኸቲሎምዝተሓንጸጸሎምወተሃደራዊ ሸቶ(ታት) ክወቕዑ ምጽዓትን፤ እዋናዊ ጸብጻብ ስሪሒታቶም ብመንገዲ ላዕለዎት ኣዘዝቶም ንመንግስቲ ምቕራብን እዩ ስራሖም። ፖለቲካውያን መሪሕቲ ብወገኖም፤ ብዘተን ትንታኔን ንጸብጻባት ይግምግሙ ፖሊሲታትን ስትራተጂን ይሕንጽጹ፡ ንትግባሬኦምዘውሕሱ ትእዛዛትን መምርሒታትን ከኣ ናብ መሪሕቲ ኲናት የሕልፉ። ካብዚ ሓሊፉ ግን፣ መሪሕነት ሃገር ብዛዕባ ኲናት ዘለዎ ገምጋም ስትራተጂ፡ ሻቕሎት፡ ወዘተ… ዝዝርዝር ሰነድ ኣብ ኲናት ንዘለዉ መሪሕቲ ሰራዊት ክሰድድ ተራእዩን ተሰሚዑን ኣይፈልጥን!

2. ኣብ ኲናት ባድመ ከምዝተራእየ፣ ዉልቀ-መላኺ ኢሰይያስ ኣፈወርቂ ንመሪሕቲ ውግእ ብቀጥታን ብዉልቁን ብዝህቦ ኣፋዊ ትእዛዛት ኲናት ክመርሕ ከምዝኽእል ዝእምን፣ ተላኣኣኽቲ ደኣ'ምበር መዛትይቲ ወይ ተኻፈልቲ ምስጢራቱ ዘይደሊ ሰብ'ዩ። ብዓቢኡ ከኣ፣ ሰራዊቱ ኣብ ትግራይ ኣእትዩ ይዋጋእ ከምዝሎ ክሳብ ሕጂ ንህዝቡ ዘይነገረ "ምስለነ ውግእ"፡ ምስጢራት ዉልቀ-መሪሕነቱ ኣብ ዓውደ-ውግእ ንዘለዉ ኣዘዝቲ ሰራዊቱ ብጽሑፍ ኣካፊልዎም ኢሉ ዝኣምን እንተልዩ፡ ጥዑይ ሓንጐል ዘይውንን ጥራይ'ዩ ክኸውን ዘለዎ።

ነዚ ማስተንክር ጽውጽዋይ ዘጋወሓ ኣካላት፣ ወየንቲ ዝውንንወን ሜዕከናት ዜናን ዩትዩብ ቻነላትን፡ ሓደ-ክልተ ጉንፆ ወያኔ ዝለሙዱ "ኤርትራውያን" ዘካይድወን ማዝናታተንን ጥራይ እየን። ንሳተን'ውን እንተኾነ፣ ትሕዝቶኡ ዝበላኦ ንባብ ደኣ ኣስሚዔን'ምበር፡ ህላዌ'ቲ ዝጠቐሳኦ ሰነድ ዝምስክር ዝኾነ ይኹን ጭብጢ

ኣየቕረባን። ስለዝኾነ ከኣ፣ ነቲ ዝተጋወሐ ናይ ፈጠራ ንባብ፡ ሚድያታት ኢትዮጵያን ዘባናን ዓለምን ክዝትያሉስ ይትረፍ ክጠቕስኦ'ኳ ኣይተሰምዓን።

ወየንቲ ነቲ ናይ ፈጠራ ወረ ዝዘርግሕዎ፡ ነዘም ዝስዕቡ ረብሓታት ንምኽሳብ ሓሊኖም ምዃኖም ባዕሉ'ቲ ዘስምዕዎ ንባብ ይእንፍት፡ - (ሀ) “ሓይልታት ጸላኢ ከጽንትኹምእዮም፡ ነብስኹምኣድሕኑ” ብምባል ንመንእሰያት ትግራይ ኣሰናቢዶም፡ ናብ በረኻ ከምዝውሕዙን ከምዝጽንበርዎምን ንምግባር፤ (ለ) ጸላእቶም ይዳኸሙ ተስፋ ይቖርጹን፡ ንሳቶም ግን ይዕወቱ ኣለዉ ዝብል እምነት ኣብ ደገፍቶምን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ንምስራጽ። እዚ ፕሮፓጋንዳ'ዚ ዘንጸባርቖ ሓቂ እንታይ እዩ? ዓወት ወያኔ'ዶ ድኽመቶም? ዝብል ሕቶ ምምላሽ ግን ንኣንባቢ ንገድፎ።